SCHWEIZERISCHE FLÜCHTLINGSHILFE
ORGANISATION SUISSE D'AIDE AUX RÉFUGIÉS
ORGANIZZAZIONE SVIZZERA AIUTO AI RIFUGIATI
www.osar.ch

# ኣብ መዕረፍ ነፈርቲ ዑቕባ ንዝሓቱ ኣገዳሲ ሓበሬታ

ካብ ሃገርኩም ተሰዲድኩም ኣብ ስዊዘርላንድ ዑቕባ ትሓቱዶ ኣለኹም? ናይ ስዊዘርላንድ ማሕበር ሓጋዚ ስደተኛታት (SFH) ነዚ ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ ኣዳልዩ ኣሎ። እዚ ጽሑፍ ነተን ኣብ መዕረፍ ነፈርቲ ምሕታት ዑቕባ ዝምልከታ ኣገዳስቲ ዝኾና ንጥፈታት ይገልጸልኩም እዩ።

ናይ ስዊዘርላንድ ሓገዝ ስደተኛታት (SFH) ነብሱ ዝኸኣለ ዘይመንግስታዊ ማሕበር ኮይኑ ናይ ስደተኛታትን ዑቕባ ንዝሓቱን መሰል ንምኽባር ዝቃለስ ማሕበር እዩ። ናትና መርበብ ሓበሬታ ኣብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም፡ www.fluechtlingshilfe.ch. ብተወሳኺ"ውን ብዝተፈላለየ ቋንቋ ዝተጻሕፈ ንስደተኛታትን ዑቕባ ንዝሓቱን ኣገዳሲ ሓበሬታት ኣብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፡ http://www.fluechtlingshilfe.ch/hilfe

## 1. ናይ ዑቅባ ሕቶ ምቕራብ

### 1.1 ኣብ መዕረፍ ነፈርቲ ዑቕባ ምሕታት

ኣብ ሓደ ናይ ስዊዘርላንድ መዕረፍ ነፈርቲ ዑቕባ ሓቲትኩም ኣለኹም።

→ ክሳብ እቲ ጉዳይኩም ዝሳለጥ (እንተበዝሔ 60 መዓልታት) ኣብቲ ቐጽሪ ግቢ መዕረፍ ነፈርቲ ዘሎ ናይ ትራንዚት ቦታ ኢኹም ትነብሩ።
**ኣስተውዑሉ፡** በዚ ዉሳነ እንተዘይተሰማማዕኩም፣ ይግባይ ክትብሉ ትኽእሉ ኢኹም።
→ ፓስፖርት ወይ ካኣ ናይ መንነት ወረቐት እንተለኩም ከተረክብዎ ኣለኩም። ክትሕተቱ ከኣ ኢኹም።

### 1.2 ምዝገባ

→ ሕቶ ዑቕባ ምስ ኣቕረብኩም ክትምዝገቡ፣ ክትሰኣሉ ኢኹም ከምኡ'ውን ኣሰር ኣጻብዕኩም ክዉሰድ እዩ። ሰበስልጣን ስዊዘርላንድ ኣሰር ኣጻብዕኹም ኣብ ማእከላይ ዳታ ባንክ (Eurodac) ብሓንቲ ናይ ኤወሮጳ ማሕበር ዓዲ፣ ብኖርዌይ፣ ሊሽተንሽታይን ወይ ከኣ ብኣይስላንድ ዝተመዝገበ እንተኮይኑ ክጻርዩ እዮም። ከምኡ እንተኾይኑ፣ እታ ኻልእ ዓዲ እያ ነቲ ዘመልከትኩሞ ዑቕባ ንምጽራይ ሓላፍነት ዘለዋ። ስዊዘርላንድ ንዓኹም ናብቲ ሓላፍነት ዘለዋ ዓዲ ክትሰደኩም ክትፍትን እያ። ኣብ ናይ ኤወሮጳ ዓድታት ሓደ ጊዜ ጥራሕ ኢኹም ዑቕባ ክትሓቱ ትኽእሉ (ንጥፈት ዳብሊን) (DUBLIN-Verfahren)። እታ ናይ መጀመሪያ ዓዲ ጥራሕ እያ፣ ነቲ ዘመልከትኩሞ ክትቕበሎን ከተጻርዮን ሓላፍነት ዘለዋ። ቅድሚሕጂ ኣብ ካልእ ዓዲ ኤወሮጳ ዑቕባ ሓቲትኩም እንተኴንኩም እሞ፣ እታ ዓዲ ንጉዳየይ ልክዕ ኣየጻረየትለይን ትብሉ እንተኴንኩም፣ ግድን ኣብቲ መዕረፍ ነፈርቲ ናብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ምኽሪ ሕጊ ኪዱ። እታ ትስደዱላ ዓዲ ንምሳለ፡ ንዑቕባ ብቑዕ ከለኩ፣ ንሕቶ ዑቕባይ ከይመርመረት ብቐጥታ ንመበቆል ዓደይ ክትሰደኒ እያ ዝብል ፍርሓት እንተለኩም ኣብ ስዊዘርላንድ ንምጽናሕ ሕተ። ኣብታ ትምለሱላ ዓዲ ኤወሮጳ መግረፍቲ፣ ኢሰብኣዊ ወይ ከኣ ዘዋርድ መቕጻዕቲን ግፍዕን ከጋጥመኒ እዩ ዝብል ፍርሒ እንተለኩም`ዉን ኣብ ስዊዘርላንድ ንምጽናሕ ሕተቱ።

## 1.3 ብዛዕባ መንነትኩም ዝግበር ሕቶ (ናይ መጀመርታ ሕቶ)

ኣብቲ ናይ መጀመርታ ሕቶ እስኹም ብሕጊ ስዊዘርላንድ ዑቕባ ትሓቱ ከምዘለኹምን፣ እቲ ተመልከትዎ ዑቕባውን ብቑዕ ምኽንያት ከምዘለዎ ክጻረ እዩ። እቲ ጉዳይ ከምኡ እንተዘይኮይኑ ወይ ድማ ነቲ ዘመልከትኩሞ ዑቕባ እንተስሒብኩሞ፣ ብዘይ ዉሳነ (ስነስርዓቱ ከይሓለወ) ይድምሰስ ከምኡውን ንዓኹም ንምምላስ ንጥፈታት ይጅመር።

ኣብ ናይ ዙሪክ መዕረፍ ነፈርቲ እቲ ናይ መጀመርታ ሕቶ ብናይ መዕረፍ ነፈርቲ ፖሊስ እዩ ዝካየድ። ኣብ ናይ ጀኔቫ መዕረፍ ነፈርቲ ከኣ ብናይ መንግስታዊ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን (SEM) እዩ ዝግበር።

እቶም ዝምልከቶም ቤት ጽሕፈት **ንመንነትኩምን** ንመንነት ስድራቤትኩምን ዝምልከት፣ **በየናይ መንገዲ** ከም ዝመጻእኹም እቲ **ንኸትስደዱ ዘገደደኩም ምኽንያት** ንኽትገልጹ ከምኡውን ብዛዕባ ኩነታት ጥዕናኹም ክሓቱኹም እዮም። እቲ ሕቶ ኣብ ዝግበረሉ እዋን ድማ ሓንቲ ወይ ሓደ ናይ መንግስቲ ሰራሕተኛ ተረኺቡ ይሓተኩም ከምኡ`ውን ኣድላይ እንተኾይኑ ሓደ ተርጓማይ ወይ ተርጓሚት ይህልው።

→ ሃገርኩም ገዲፍኩም ንኽትስደዱ ዘገደደኩም ኩሉ ኣገዳሲ ዝኾነ ምኽንያት ግለጹ።

→ እንተድኣ እቲ ዘጋጠመኩም ኹነታት ኣብ ቅድሚ ሰብኣይ ወይ ሰበይቲ ክትዛረብዎ ዘይትኽእሉ ኬንኩም ንገሩ፣ ብኽምኡ ኸኣ እቶም ኣብ ቃለ መጠይቕ ዝካፈሉ ሰባት ከምቲ ድልየትኩም ይኾኑ።

→ ወረቐት መንነት ከተረኽቡ ዘይትኽእሉ እንተ ኬንኩም ምኽንያቱ ንገሩ።

→ ዘይተረድኣኩም ነገር እንተሎ ኮይኑ ንገሩ።

→ ናይ ጥዕና ሽግር ኣለኩም እንተኾይኑ ንገሩ። ከምኡ እንተኾይኑ ናይ ሕክምና ምርመራ ክግበር ይከኣል ይኸውን።

ኣብ መወዳእታ ናይቲ እትገብርዎ ቃለ መጠይቕ ኩሉ ሓደ ፕሮቶኮል ክትፍርሙኣለኩም። እቲ ዝሃብክሞ መልሲ ኩሉ ልኽዕ ከምቲ ዝበልኩሞ ተጻሒፉ ከምዘሎን እቲ ዝሃብክሞ ቃልኩም ድማ ብምሉኡ ተጻሒፉ ምዃኑን ኣረጋግጹ።

## 1.4 ዶኩመንትታት / ናይ መረጋገጺ ሰነድ

→ ነቲ ዘጋጠመኩም ጸጋማት ምስክር ክኸውን ዝኽእል ኩሉ ሰነዳት ንመዝገብ ክተሓዝ ኣረክቡ።

→ ካብቲ እተረክብዎ ሰነዳት ኩሉ ቅዳሕ ንዓኹም ኣትርፉ።

## 1.5 መረጋገጺ

ምናልባት ነቲ ናትኩም ጉዳይ ንምርግጋጽ ተወሳኺ ምጽራይ ክግበር ይኽእል ይኸውን ።

→ እንተድኣ እቲ መበቆል ዓደይ እዩ ኢልኩም ዝነገርኩሞና ሃገር ኣጠራጣሪ እንተኾይኑ፣ ብሓደ ፈላጥ ቋንቋ ክትሕተቱ ከምኡ'ውን ብዛዕባ እቲ ሃገር ዘለኩም ፍልጠት ክምርመር ይኽእል እዩ ።

→ ዝሃብኩሞ ዕድመ እንተ ዘይተኣማኒኑ፣ ብሓደ ኪኢላ ግምት ክግበር ይከኣል እዩ ።

## 1.6 ብድሕሪኡ ከመይ ይቕጽል?

→ N- ፍቓድ መንነት ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም (መንነት ሓታት ዑቕባ)።

→ ኣብ መዕረፍ ነፈርቲ፣ መንግስታዊ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን (SEM) ኣስፍሕ ኣቢሉ ብዛዕባ ዑቕባ ዘሕተተኩም ዘሎ ምኽንያት ክትሕተቱ ኢኹም ከምኡውን ካብዘን ዝቕጽላ ሓዲኤን ትረኽቡ፡

- ዑቕባ ዘሕትተኩም ምኽንያት ኣይተኣመነን ። ነዚ ተቓዊምኩም ይግባይ ክትብሉ ትኽእሉ ኢኹም።

- ኣሉታዊ ውሳነ ዑቕባ ። ነዚ ተቓዊምኩም ይግባይ ክትብሉ ትኽእሉ ኢኹም።

- ናብ ዉሽጢ ስዊዘርላንድ ኣቲኹም ሕቶ ዑቕባ ኣብኡ ንኽጻረ ተፈቒዱ።

SCHWEIZERISCHE FLÜCHTLINGSHILFE
ORGANISATION SUISSE D'AIDE AUX RÉFUGIÉS
ORGANIZZAZIONE SVIZZERA AIUTO AI RIFUGIATI
www.osar.ch

# 2. ቃለ መጠይቕ (ካልኣይ ሕቶ)

ትገብርዎ ቃለ መጠይቕ ንንጥፈታት ጉዳይ ዑቕባ **ዓቢ ኣገዳስነት ኣለዎ**። ሓንሳብ ወይ ከኣ ደጋጊምኩም ክትሕተቱ ትኽእሉ ትኮኑ። እቶም ቤት ጽሕፈት ድማ ነቲ ናይ ሕቶ ዑቕባኹም በቲ ዝገበርኩሞ ቃለ መጠይቕን በቲ ዝተጻሕፈ ፕሮቶኮልን ከምኡውን በቲ ዘቕረብኩሞ መረጋገጺታትን መሰረት ብምግባር እዮም ዝውስኑ።

## 2.1. ኣብቲ ዝግበር ቃለ መጠይቕ መን ይካፈል?

→ እቲ ቃለ መጠይቕ ብሓደ ወይ ከኣ ብሓንቲ **ናይ መንግስቲ ሰራሕተኛ** እዩ ዝምራሕ።

→ ሓደ **ተርጓማይ** ወይ **ተርጓሚት** ነቲ ዝቱርገም ብመሉኡ ክትርጉሙኣለዎም፣ ነቲ እትህብዎ መግለጺ ክፈርዱ ወይ ከኣ ጽመቕ ዝኾነ መግለጺ ክህቡ ኣይፍቀድን እዩ። እቲ ዝትርጉም ውልቀሰብ መንነቱ ሕቡእ ምግባር ይከኣል እዩ። እንትድኣ ደሊኹም ብሓደ ዝመረጽኩሞ ተርጓማይ ክትስነዩ ትኽእሉ ኢኹም፣ እዚ ተርጓማይ ግን ባዕሉ ሓታት ዑቕባ ክኸውን የብሉን።

→ ሓደ ናይ **ረድኤት ማሕበር ወኪል** (HWV) - እዚ ናይ ሓደ ዘይመንግስታዊ ማሕበር ዝኾነ - ነቲ ንጥፈታት ይዕዘብ። እዚ ውልቀሰብ እዚ ተወሳኺ ሕቶ ንኽሕተት ከምኡ"ውን ጸብጻብ ናይቲ ዝተገብረ ቃለ መጠይቕ ናብቲ ማሕበር ከምዝለኣኽ ክገብር ይኽእል እዩ።

→ ከምኡ"ውን ባዕልኹም ወክልና ስልጣን ዝሃብኩሞ **ናይ ሕጊ ወኪል** ወይ ከኣ ንዓቕሚኣዳም ዝበቕዔ ውልቀሰብ (ናይቲ ዘሰኒ ዉልቀሰብ ጉዳይ ዑቕባ ገና ዘይተወሰነ ክኸውን የብሉን) ክሰንየኩም ይኽእል እዩ።

## 2.2. እቲ ሕቶታት

ልመድ ኣገባብ ቃለ-መጠይቕ ከምዚ ዝስዕብ ይመስል ፡

እቶም ኣብኡ ዝተረኽቡ ሰባት መንነቶም ምስ ነገሩ ናይቲ ቃለ መጠይቕ ኣገባብ ስርዓት ከምኡ'ውን ብዛዕባ መሰልኩምን ግቡእኩምን ሓበሬታ ይነግሩኹም፣ እሞ ብድሕሪኡ እታ ወይ እቲ ሰበ ስልጣን ብዛዕባ **ኩነታትኩም ዝምልከት ሕቶታት ተቕርበልኩም/የቕርበልኩም፡**

→ ብዛዕባ መንነትኩምን ንመንነትኩም ዘረጋግጽ ሰነዳት
→ ብዛዕባ ስድራቤትኩምን ኣዝማድኩምን
→ ብዛዕባ ወተሃደራዊ ኣግልግሎት
→ ካብ ሃገርኩም ንስዊዘርላንድ በየናይ መንገዲ ጌርኩም ከም ዝመጻእኩም
→ ብዛዕባ ኣብ ሃገርኩም ይኹን ኣብ ስዊዘርላንድ ዝሰራሕኩሞ ስራሕ
→ ብዛዕባ ኣብ ወጻኢ ሃገር ዝተቐመጥኩሞ
→ ብዛዕባ ኣብ ሃገርኩም ይኹን ኣብ ስዊዘርላንድ ዘለኩም ወኪል ሕጊ

ኣብ መወዳእታ ንምንታይ ኣብ ስዊዘርላንድ ዑቕባ ትሓቱ ከም ዘለኹም ንኽትገልጹ ዕድል ይወሃበኩም። ንኹሉ ምኽንያታት ዘርዚርኩም ምንጋር ኣገዳሲ እዩ።

**ብመሰረት ሕጊ (ካብ ዓንቀጽ 3ናይ ኣሳይለም ሕጊ ዝተወሰደ) ስደተኛታት ዑቕባ ይዋሃቦም።**

*ስደተኛታት ክበሃል ከሎ ዉልቀሰባት ምስ ናይ ሃገሮም መንግስቲ ወይ ኣብቲ ኣብ ቀረባ ጊዜ ዝቕመጡሉ ዝነበሩ ዓዶም ብምኽንያት ዓሌት ፣ ሃይማኖት ፣ ብሄር፣ ኣብ ሓደ ናይ ማሕበራዊ ጉጅለ ኣባል ብምዃን ወይ ከኣ በቲ ዘለዎም ናይ ፖለቲካ ኣረኣእያ ከብድ ዝበለ ጸገማት እንተድኣ ወሪድዎም ወይ ከኣ ብሓቂ ፍርሓት እንድሕር ኣለዎም ኮይኑ እዩ። ከብድ ዝበለ ጸገማት ክበሃል ከሎ እንተድኣ ኣብ ነብስኻ፣ ኣብ ህይወትካ ወይ ከኣ ኣብ ናጽነትካ ሓደጋ ኣጋጢምካ ከምኡ'ውን እንተድኣ ስነኣእምራዊ ጸቕጢ ክስዕቡ ዝኽእሉ ቕጥዒታት ኣጋጢምካ እዩ።*

*ንደቂ ኣንስትዮ ዝምልከት ፍልይ ዝበለ ዘጋጥም ጸገማት ድማ ኣቓልቦ ይግበረሉ።*

## 2.3. ካብ ሃገር ዘስደደኩም ምኽንያት ምግላጽ

ቃለ መጠይቕ ኣብ እትገብሩሉ እዋን ኩሉ ንኽትስደዱ ዘገደደኩም ከምኡ'ውን ኣብ ስዊዘርላንድ ዑቕባ ኽትቅበሉ ትደልዩሉ ምኽንያት ክትገልጹ ኣለኩም። ብዘይ ፍርሓት ናጻ ኮይንኩም ክትዛረቡ ትኽእሉ ኢኹም። ኩሎም ኣብኡ ዘለዉ ሰባት ሚስጢር ንምዕ ቃብ ስለ ዝግደዱ፣ እቲ እስኹም ትብልዎ ንማንም ሰብ ክነግሩ ኣይፍቀደሎምን እዩ።

እዚ ክፋሊ ቃለ መጠይቕ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። **ሃገርኩም ገዲፍኩም ንኽትስደዱ ዘገደደኩም ምኽንያት እንታይ ወይ ድማ መን ከምዝኾነ ብሙሉኡ ንኽትገልጹ ትሕተቱ።**

→ እቲ እትህብዎ ቃል ኣብ ሓቂ ዝተሞርከሰ ክኸውን ኣለዎ። ብዝተኻእለ መጠን ብዙሕ ዘርዚርኩም ግለጹ።

→ ብዛዕባ ስሚዒትኩም ድማ ግለጹ፣ እንተድኣ ኣብ ቅድሚ ሰብኣይ ወይ ሰበይቲ ክትነግርዎ ዘይትደልዩ ዘጋጠመኩም ኹነታት እንተሎ ኾይኑ ሓበሬታ ሃቡ፣ ብኸምኡ ኸኣ እቶም ኣብ ቃለ መጠይቕ ዝካፈሉ ሰባት ከምቲ ድልየትኩም ይኾኑ።

→ ነቲ ኣብ ዓድኹም ዘጋጠመኩም ጸገማት ዝምልከት ሰነዳት ኩሉ ኣምጽእዎ። (ናይ ፖሊስ መጸዋዕታ ወረቐት፣ ውሳነ ፍርዲ፣ ናይ ቤት ማእሰርቲ ሰነዳት፣ መፈራርሒ ደብዳቤታት፣ ናይ ሓኻይም ምስክር ወረቐት፣ ጋዜጣታት፣ ስእሊታት ወዘተ። ቅዳሕ ድማ ምሳኩም ሓዙ)።

→ ቅድሚሕጂ ኣብ ሓደ፣ ንዓኹም ኣብቲ ምክትታል፣ ምግራፍ ወይ ከኣ ኢሰብኣዊ ግፍዒ ንኸየጋጥመኩም ዘፍርሓኩም መበቆል ዓድኹም ከይሰደም ትፈርሕዎ ዓዲ ኤውሮጳ`ዶ ኔርኩም እንተኼንኩም፣ ንገሩ። ነቲ ዘለኩም ፍርሓት ኣስፊሕኩም ተዛረቡ።

ምናልባት እንተድኣ ዘይተጻረየ ነገር፣ ዘይምርድዳእ፣ ከምኡ'ውን ዝተዋቐዔ ነገር እንተሎ ተወሳኺ ሕቶታት ክትሕተቱ ኢኹም።

## 2.4. ንስድራቤት ዝግበር ቃለ -መጠይቕ

**ኣባላት ስድራቤት በብሓደ** እዮም ዝሕተቱ። ሓደ ንዓቕሚኣዳም ዝበቕዔ ኣባል ስድራ ቤት ክሕተት ከሎ፣ እቶም ካልኦት ኣብ ካልእ ክፍሊ ይጸንሑ። ቆልዑት ድማ እንተድኣ ካልእ ተጻራሪ ነገር ዘየለ ኮይኑ፣ ኣብ ቅድሚ ወለዶም ይሕተቱ።

## 2.5. ቃለ ጉባኤ (ፕሮቶኮል)

ናይ ነፍሲ ወከፍ ቃለ መጠይቕ ትሕዝቶ ብፕሮቶኮል ይትሓዝ እዩ። ድሕሪ ቃለ መጠይቕ እቲ ፕሮቶኮል ይትርጎመልኩም እዩ። ኣብ ነፍስ ወከፍ ገጽ ድማ ንኽትፍርሙ ትሕተቱ።

→ ዘይተረዳኣኩም ነገር እንተሎ፣ ክትነግሩ ኣለኩም። እቲ ዝተጻሕፈ ፕሮቶኮል ድማ ልክዕ ከምቲ ዝበልኩሞ ተጻሒፉ ከምዘሎ ኣረጋግጹ። **ዘይንጹር ነገር** ወይ ከኣ **ጌጋ** ዘለዎ እንተ ኾይኑ ክእረም ከምዘለዎ ሓብሩ።

ቃለ መጠይቕ ክውዳእ ከሎ፣ ኣብ ስዊዘርላንድ ንኽትቕመጡ ዘገደደኩም ምኽንያት እሞ ገና ዘይጠቐስኩሞ ነገር እንተድኣ ኣሎ ኮይኑ ንኽትገልጹ ትሕተቱ። እቲ ክትገልጽዎ ዝደለኹም ምኽንያት ኩሉ ከምዝተገልጸን እቲ ፕሮቶኮል ድማ ኣብ ሓቒ ዝተሞርከሰ ከምዝኾነ ብኽታምኩም ከተረጋግጹ ኣለኩም።

# 3. ውሳነ ዑቕባ

ኣብ መዕረፍ ነፈርቲ ዝግበር ንጥፈታት ሕቶ ዑቕባ ንኽጻረ ሓደ ሓደ ጊዜ **ውሑድ መዓልታት ወይ ከኣ ሰሙናት** እዩ ዝወስድ። እቲ መንግስታዊ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን (SEM) ኣብ ውሽጢ 20 መዓልታት ናይ መጀመርታ ውሳነ እንተዘይወሲኑ፣ ናብ ሓደ ካንቶን ኽትኣትዉ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ መዕረፍ ነፈርቲ እንተበዝሐ 60 መዓልታት ኢኹም ትጸንሑ። ብእዋኑ ኣብ መዕረፍ ነፈርቲ ምስዘለው ቤት ጽሕፈት ምኽሪ ሕጊ (RBS) ተራኸቡ! RBS ኣገዳሲ እዩ ኢሉ እንተኣሚኑሉ፣ ንዓኹም ገንዘብ ከየኽፈለ ናይ ንጥፈታትን ምቕናዕ ጉዳያትን ሓገዛት ንምልጋስ ቅሩብ እዩ።

ኣብ መዕረፍ ነፈርቲ ዝርከብ ኣድራሻታት ቤት ጽሕፈት ምኽሪ ሕጊ፡

**Zürich-Kloten**
SRK, Sozial-, Rechtsberatung, Transit ZH-Airport,
Tel. 043 816 57 82, Fax 043 816 57 83

**Genf-Cointrin**
ELISA, Permanence Aéroport, Case postale 110, 1211 Genève 7,
Tel. 022-733 82 62, Fax 022-733 82 47

Adressen in den **Kantonen** siehe:
https://www.fluechtlingshilfe.ch/assets/hilfe/160225-rbsadr-extern-04-04.pdf

ከምልመድ ካብቲ መንግስታዊ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን (SEM) ናይ ጽሑፍ ውሳነ ብቋንቋ ጀርመን፣ ፈረንሳ ወይ ከኣ ጥልያን ይመጸኩም እዩ።

ኣብ ናይ መዕረፍ ነፈርቲ ምጽራይ ከምዚ ዝስዕብ ውሳነታት ትረኽቡ፡

## 3.1. ኣዎንታዊ ዉሳነ

### 3.1.1. ንስዊዘርላንድ ናይ ምእታውፍቓድ

መንግስታዊ ቤት ጽሕፈት ንጥፈታት ጉዳይ ሕቶ ዑቕባኹም ኣብ ውሽጢ ስዊዘርላንድ ንኽቕጽል ይዉስን። እዚ ማለት ግን ሕቶ ዑቕባኹም ተወሲኑ ኣይኮነን፣ እንታይ ደኣ **ንስዊዘርላንድ ክትኣትው** ጥራሕ እዩ **ተፈቒዱ** ዘሎ።

## 3.2. ኣሉታዊ ውሳኔ

### 3.2.1 ዑቕባ ንምምልካት ብቑዕ ኣይኮንኩምን

እቲ ዘመልከትኩሞ ሕቶ ዑቕባ ተነጺጉ ካብ ስዊዘርላንድ ድማ ኣብ መወዳእታ ናይቲ ተዋሂብኩም ዘሎ እዋን ገደብ ክትወጹ ኣለኩም። እዚ ኹነታት ክኸውን ዝኽእል እንተድኣ ብኣረኣእያ ናይቶም ሰበ ስልጣን እቲ ዘቕረብኩሞ ምኽንያት መስደዲ ብቑዕ እንተ ዘይኮይኑ ወይ ከኣ እቲ ነጊርኩሞ ዘለኹም ታሪኽ ከም ዝእመን ጌርኩም ክትገልጽዎ ስለ ዘይከኣልኩም ወይ ከኣ ከተረጋግጽዎ ስለ ዘይከኣልኩም እዩ።

### 3.2.2 ዉሳነ ዳብሊን

ናብ ስዊዘርላንድ ቅድሚ ምምጻእኹም ኣብ ሓደ ዓዲ ናይ ኤውሮጳ ማሕበር፣ ኣይስላንድ፣ ሊሽተንሽታይን ወይ ኖርዌይ እንተኔርኩም፣ ብዛዕባ መምጽኢ መገድኩም ሓጺር ቃለ መጠይቕ ትገብሩ፣ ኣብቲ ቃለ መጠይቕ ከኣ (ወካሊ ማሕበር ሓገዝ HWV)ኣይሳተፍን እዩ። ከምዚ እንተኾይኑ ናብቲ ንምጽራይ ሕቶ ዑቕባኹምን ሓላፍነት ናብ ዘለዎ ዓዲ ክትምለሱ ኣለኹም።

### 3.2.3 ዉሳነ ሳልሳይ ሃገር

ናብ ስዊዘርላንድ ቅድሚ ምምጻእኹም ኣብ ካልእ ሃገር ንነዊሕ እዋን እንተ ተቐሚጥኩም ወይ ከኣ ንኻልእ ዓዲ ቪዛ እንተለኩም፣ ድሕሪ ሓጺር ናይ መጀመርታ ሕቶ ጉዳይ ይዕጾ፣ ኣስኹም ከኣ ብቕልጡፍ ካብ ስዊዘርላንድ ክትወጹ ኣለኩም።

### 3.2.4 ካልእ ኣሉታዊ ውሳነ

ነዘን ዝቕጽላ ጉዳያት፣ እቲ ዘመልከትኩሞ ሕቶ ዑቕባ ቀጻሊ ከይተመርመረ ይዕጾ፣ ኣስኹም ከኣ ካብ ስዊዘርላንድ ክትወጹ ኣለኩም።

- ናብ ስዊዘርላንድ መምጽኢ ምኽንያትኩም ዑቕባ ክትሓቱ ዘይኮነስ፣ ብኻልእ ምኽንያት ጥራሕ ኢኹም መጺእኩም ዘለኹም (ብምኽንያት ሕክምና ወይ ከኣ ቁጠባዊ)።
- ንምሳለ ሓቀኛ መንነትኩም ሓቢእኩም (ጌጋ ሽም፣ ጌጋ ዕለተ ልደት ወዘተ) ወይ ድማ ናይ ብሓሶት መረጋገጺ እንተሃብኩም እሞ ነቲ ዝግበኣኩም ምትሕብባር እንተ ዘየማላእኩም፣
- እንተድኣ ምስ ናይ ስዊዘርላንድ ቤት ጽሕፈታት ኽትገብርዎ ዝግባኣኩም ምትሕብባር ዘየኽበርኩም፤ ንኣብነት ናብቲ ቃለ መጠይቕ እንተዘይመጻኹም፣ ወይ ድማ ብሰበ ስልጣናት ካብ 20 መዓልታት ንላዕሊ ክትርከቡ እንተዘይከኢልኩም፣
- ምኽንያት ብዘይብሉ ወይ ድማ ደጋጊምኩም ሓደ ምኽንያት እንዳሃብኩም ካልኣይ ዑቕባ እንተሓተትኩም

# 4. ይግባይ ምባል

እንተድኣ በቲ ውሳኔ መንግስታዊ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን (SEM) ዘይዓገብኩም ኮይንኩም፣ ብጽሑፍ መልክዕ ናብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ይግባይ ክትብሉ ትኽእሉ

[Bundesverwaltungsgericht](https://www.bvger.ch)
Postfach, CH-3000 9023 St. Gallen
ተሌፎን +41 (0)58 705 26 26
ፋክስ +41 (0)58 705 29 80

ኣብቲ ናይ መዕረፍነ ፈርቲ ዝግበር ንጥፈታት ምጽራይ፣ ይግባይ ክትብሉ እንተደለኹም **ሓሙሽተ መዓልታት ጥራሕ** እዩ ዘለኩም።

ቤት ጽሕፈታት ሕጋዊ ምኽሪ (RBS) ወይ ከኣ ጠበቓታት ክተሓባበሩኹም ይኽእሉ እዮም። ናይ ቤት ጽሕፈታት ሕጋዊ ምኽሪ (RBS) ኣድራሻታት ዝርዝር ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ተመልከቱ:
https://www.fluechtlingshilfe.ch/assets/hilfe/160225-rbsadr-extern-04-04.pdf

ናይ ስዊዘርላንድ ማሕበር ሓጋዚ ስደተኛታት (SFH) ብኸመይ ኣገባብ ይግባይ ክትብሉ ከምእትኽእሉ ዝገልጽ፣ ብ20 ዝተፈላለያ ቋንቋታት ዝተጻሕፈ ሓበሬታ „Beschwerdeanleitung“ ቀሪቡ ኣሎ። ኣድራሻ:
http://www.fluechtlingshilfe.ch/hilfe/informationsblaetter.html
እቲ ይግባይ ብሓንቲ ዕላዊ ቋንቋ (ጀርመንኛ፣ ፈረንሳይኛ ወይ ድማ ቋንቋ ጥልያን) ክጸሓፍ ኣለዎ። እቲ ጽሑፍ ይግባይ ክልተ ጊዜ ክጸሓፍን ክፍረምን ኣለዎ፣ ምስቲ ዘለኩም መረጋገጺታትን ቅዳሕ ውሳነ ዑቕባን ተተሓሒዙ ክቐርብ ኣለዎ። ንወልቅኹም እውን ቅዳሕ ሒዝኩም ኣቐምጥዎ።

**መጠንቐቕታ፥** እንተድኣ ይግባይ ዘይበልኩም፣ ወይ ድማ እቲ ይግባይ ዝበልኩሞ እንተድኣ ተነጺጉ ኮይኑ፣ ኣብ ስዊዘርላንድ ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ ኢኹም ትነብሩ።

ከከምዓይነት እቲ ዝረኸብኩሞ ውሳነ ምንጻግ፣ እቲ ውሳነ ምስ ተቐበልኩሞ ክትእሰሩ ትኽእሉ ኢኹም።

**ይግባይ እንተ ኣመልኪትኩም፣ ክሳብ ዝውሰን ከምግቡኡ ኣብ ስዊዘርላንድ ክትጸንሑ ትኽእሉ ኢኹም። ፍልይ ዝበለ ነገር ግን ኣሎ፡** እዚ ከኣ ኣሉታዊ ዝኾነ ውሳነ ዳብሊን እንተተዋሃብኩም እዩ። ንኸምዚ ዓይነት ጉዳይ፣ እቲ ዘመልከትኩሞ ይግባይ ክሳብ ዝውሰን ኣብ ስዊዘርላንድ ምጽባይ ንኽፍቀድ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ነዚ ግን ኣስፊሕኩምን ጭቡጥ ብዝኾነ ናትኩም ጉዳይን ኣመልኪትኩም ከተመኽንዩ ኣለኩም። እቲ ናይ ኤውሮጳ ዓዲ፣ ንምሳለ ዑቕባ ዝግበኣኩም ከሎ፣ ንጉዳይኩም ኣየጻርይን እዩ ዝብል ፍርሓት እንተለኩም ኮይኑ፣ ወይ ድማ ትቕብል ኣቢሉ ናብቲ መግረፍቲ፣ ኢሰብኣዊ ወይ ዘዋርድ መቕጻዕቲን ግፍዕን ናብ ዘጋጥመኩም መበቆል ዓድኹም ክይሰደኩም ዘፍርሓኩም እንተኾይኑ፣ ኣብ ስዊዘርላንድ ምጽባይ ንኽፍቀድ ሕተቱ።

ናብቲ ሓላፍነት ዘለዎ ዓዲ ኤውሮጳ እንተተሰደድኩም እውን፣ ዘመልከትኩሞ ይግባይ ኣብ ስዊዘርላንድ ይውሰን እዩ። ጠበቓ እንተለኩም፣ ወላኳ ኣብ ወጻኢ ሃልዉ እምበር ርክብ ኣይተቛርጹ። ከምኡ እንተኾነ ጥራሕ እዩ፣ ብዛዕባ ኣዎንታዊ ውሳነ ይኹን ኣብ ስዊዘርላንድ ምእታውከም ዝተፈቕደኩም ክትፈልጡትኽእሉ።

SCHWEIZERISCHE FLÜCHTLINGSHILFE
ORGANISATION SUISSE D'AIDE AUX RÉFUGIÉS
ORGANIZZAZIONE SVIZZERA AIUTO AI RIFUGIATI
www.osar.ch

## 5. ሓፈሻዊ ሓበሬታ

**ናይ ሕጊ ምኽሪ፣ ጠበቓ**
ናይ ሕጊ ሓገዝ ብዝምልከት ባዕልኹም ሓጋዛይ ንምርካብ ክትጽዕሩ ኣለኩም። ነቲ ምኽሪ ሕጊ ዝዋሃቡሉ ኣድራሻታታት ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ክትረኽብዎ ትኽእሉ https://www.fluechtlingshilfe.ch/assets/hilfe/160225-rbsadr-extern-04-04.pdf.

**ስድራቤት ክስዕቡኻ ምግባር፣ ምትእኽኻብ ስድራቤት**
ዑቕባ ዝሓቱ ሰባት ስድራቤቶም ካብ ሃገሮም ንኽምጽኡ ፍቓድ የብሎምን።

**ሓገዝ ሶሽያል፣ ህጹጽ ረድኤት**
ሓገዝ ዘድልዮም ዑቕባ ዝሓተቱ ስደተኛታት እቲ ጉዳይ ንጥፈታት ዑቕባ ክግበር ከሎ ሓገዝ ይወሃቡ።

ብመሰረት ቅዋም ስዊዘርላንድ (ዓንቀጽ 12)፣ ኩሉ ኣብ ስዊዘርላንድ ዝነብር ወልቀ ሰብ፣ ጸገም እንተጋጠሞ፣ ሓገዝ ንኽግበረሉ የፍቅድ። ነቲ ዘመልከትኩሞ ዑቕባ ኣሉታዊ ወሳነ እንተ ረኺብኩም፣ ዋላ 'ኳ ኣብ ስዊዘርላንድ **ብዘይ ሕጋዊ ፍቓድ** ንበሩ እምበር፣ ካብዚ ዓዲ ክሳብ እትወጹ **ረድኤት ናይ ምርካብ መሰል** ኣለኩም። እዚ ዝግበር ሓገዝ **መግቢ፣ መንበሪ ቦታ፣ ኽዳን፣ ከምኡ'ውን ኣብ ጊዜ ጸገማት ዝግበር ናይ ጥዕና ክንክን** ዘጠቓለለ እዩ። ከምዚ ዓይነት ረድኤት ንኽትረኽቡ ግን ኣብቲ ንኽትወጹ ዝወሰኑ ቤት ጽሕፈታት ከተመልክቱ ስለዘለኩም፣ ከተመልክቱ ከለኹም ሓደጋ ማእሰርቲ ክጋጥመኩም ይኽእል እዩ። ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ፡ http://www.fluechtlingshilfe.ch/asylrecht/das-asylverfahren/nothilfe.

**ስራሕ**

እተን ዝምልከተን ቤት ጽሕፈታት፣ ዑቕባ ንዘመልከተ ኣብቲ ፈለማ ሰለስተ ክሳብ ሹዱሽተ ኣዋርሕ ዘሎ ጊዜ ስራሕ ንኽሰርሑ ኣይፈቕዳን እየን። ድሕሪኡ ግን ስራሕ ምጅማር ክፍቀድ ይኽእል እዩ እንተኾነ ግን ኣብ ውሑዳት ናይ ስራሕ ዓይነት ጥራሕ ንኽሰርሑ`ዩ ዝፍቀድ ከምኡ'ውን ነቶም ስራሕ ዝደልዩ ደቂ ሃገር ቀዳምነት ኣለዎም።

**መንበሪ**
ኣድራሻኹም እንተቐየርኩም፣ ነቶም ዝምልከቶም ቤት ጽሕፈት ቀልጢፍኩም ክትሕብርዎም ኣለኩም። ብሓፈሻኡ ዑቕባ ዝሓተቱ ሰባት ካንቶን ኽቕይሩ ኣይከኣልን እዩ።

**ቤት ማእሰርቲ ምእታው**
ከምዚ ዝስዕብ እንተተፈጥረ ክትእሰሩ ትኽእሉ ኢኹም፡

→ እቲ ዘመልከትኩሞ ሕቶ ዑቕባ ስለዘይተኣምነ (NEE) እንተተነጽገ
→ ምስቶም ቤት ጽሕፈት ምትሕብባር እንድሕር ኣቢኹም
→ እቲ ዘመልከትኩሞ ሕቶ ዑቕባ ዘይሕጋዊ ኮይኑ እንተተረኺበ
→ ገበን እንተገበርኩም
→ ናብ ሃገርኩም ንከይትምለሱ ክትቃለሱ ሓሳብ ከምዘለኹም ዝሕብር ጭቡጥ ዝኾነ ሓበሬታ ክህሉ ኸሎ

**ንወጻኢ ሃገር መገሻ**

**ንጥፈታት ጉዳይ** ዑቕባኹም ክካየድ ከሎ፣ ካብ ስዊዘርላንድ ክትወጹ ኣይትኽእሉን ኢኹም ከምኡ'ውን ምስ ቆንስል ይኹን ካልኦት ቤት ጽሕፈታት መቦቀል ሃገርኩም ርክብ ኽትገብሩ ኣይፍቀድን እዩ።